## ቅልጡፍ ምምሕያሽ ጥዕና ተጋ/ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ፣ ድሕሪ'ቲ ዝተገብረሉ ናይ ልቢ ኦፐረሽን፤ ዋሕዚ መልእኽታት ናይ ጽቡቕ ድሌት ካብ ኣባላት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ይውሕዙ ኣለዉ

ክፍሊ ዜናን ባህልን
ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
29.08.2009



ተጋ/ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ፣ ኣብ ገድሊ ህዝቢ ኤርትራ ምእንቲ ሃገራዊ ናጽነትን ዲሞክራስን፡ ልሉይ ግደ ዝነበሮ ገዲም መራሒ፣ ሓደ ካብ'ቶም ቀንዲ መስረቲ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ባእታን፡ ድሕሪ'ቲ ብ18 ነሓሰ 2009 ኣብ ደማስቆስ፡ ስርያ፡ ዝተገብረሉ ዕዉት ናይ ልቢ ኦፐረሽን ኣብ ጽቡቕ ኵነታት ይርከብ ኣሎ።

ብጻይ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ፣ ጥዕናኡ ኣብ ጽቡቕ ኵነታት ከምዘሎን፣ በቶም ጽቡቕ ዝምነይሉ ኣባላት ሰልፊ ህዝብን ኣብላት ካልኦት ኣሓት ውድባትን ሕጉስ ምኳኑ፡ ምስ ኣቦ መንበር ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣብ ዝገበሮ ናይ ተለፎን ርክብ ገሊጹሉ።

እቲ 4 ሰዓታት ዝወሰደ ናይ ልቢ ኦፐረሽን፡ ኣብ'ቲ ኣብ ደማስቆስ ዝርከብ ባስል ዝብሃል ፍሉጥ ናይ ልቢ ትካል ኢዩ ተኻይዱ። ኢብራሂም፡ ንገለ መዓልታት ኣብ ትሕቲ ፍሉይ ክንክን ዝግበረሉ ቦታ (intensive care) ድሕሪ ምጽናሕ፣ ሕጂ ኣብ ሓደ ንቡር ሆስፒታል ተመሓላሊፉ ኣሎ። ብጻይ ኢብራሂም፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኦፐረሽን ዝገበረሉ ቀንዲ ሓኪም፡ ዶክተር ማጅድ ዑስማን መሳርሕቱን፡ ብዛዕባ ኣተሓሕዙን ክእለቱን ንምትሕግጋዝ ዘለዎ ቅሩብነት ካብ መጀመርያ ኣትሒዙ'ዩ መጕሱን ኣድናቖቱን ክገልጸሉ ጀሚሩ።

ብዛዕባ'ቲ ዝተኻየደ ዕዉት ኦፐረሽን፡ ካብ ኣባላት ሰልፊ ህዝቢ ናብ ዶክተር ማጅድ ዑስማንን ንኢብራሂም መሓመድ ዓልን ዝተላእኩ ናይ ዮሃና መልእኽትታት ብብዝሒ ናብ መሪሕነት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ይውሕዙ ከምዘለዉ፡ ኣቦ መንበር ሰልፊ ህዝቢ፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር ኣብሪሁ። መሪሕነት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ነዚ ናይ ጽቡቕ ትምኒት መልእኽትታት ንክብሪ ናይ'ዚ ኣብ ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ሜዳ ዓቢ መራሒ ዝኾነ ብጻይ ይእክቦ ከምዘሎ ተፈሊጡ ኣሎ።

ተጋ/ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ፣ ኣብ ኣርበዓታት ኣብ ናቕፋ ተወሊዱ። ብ1967 ዓ.ም ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ከም ምሉእ ግዜኡ ንቃልሲ ዝህብ ካድር ኰይኑ'ዩ ክቃለስ ጀሚሩ። ካብ 1991 ኣትሒዙ  ክሳብ ሕጂ ከኣ፡ ምእንቲ ለውጥን ዲሞክራስን ይቃለስ ኣሎ። ኣብ ዝሓለፈ 40 ዓመታት፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ላዕለዋይ ጽፍሕታት ናይ መሪሕነት ኰይኑ ተቓሊሱ። ካብ 1995-2001 ኣብ ዝነበረ ግዜ ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣቦ መንበር፤ ካብ 2002-2208 ድማ ኣፈባይቶ ሰውራዊ ባይቶ ኰይኑ ኣገልጊሉ። ድሕሪ'ቲ ab kartum ዘጋጠሞ ናይ ፈኵስ ወቕዒ (mild stroke) ኣብ ኣመራርሓ ዝነበሮ ግደ እናነከየ

ክኸይድ ግድን ኰይኑ። እዚ ብንጹር ፖለቲካዊ ራእይኡን፡ ብስኒት ናይ ቃሉን ተግባሩን ዝልለ ህቡብ መራሒ'ዚ፡ ኣብ ምእካብን ምጥርናፍን ናይ'ታ ብ1982 ብቅልውላዋት እተበታተነት ተሓኤ ዝነበሮ ማእካላይ ግደ ውን ዝስሓት ኣይኰነን። ስለዝኾነ ከኣ፡ ከም መንፈሳውን ግብራውን መራሒ ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ካብኡ ዝበቈለ ሰልፊ ህቢ ኤርትራን ኰይኑ'ዩ ዝውሰድ።